ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን التحالف الديمقراطي الأرتري

ERITREAN DEMOCRATIC ALLIANCE

# ንምዕዋት ሰፊሕ ዋዕላ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ንምግባእ ኣብ ዝካየድ ዘሎ መስርሕ ቃልሲ ኣመልኪቱ ዝወጸ መግለጺ ዓሰርተ ውድባትን ሰልፍታትን ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን

ህዝብና ኣብ መስርሕ ጸረ ባዕዳዊ መግዛእታዊ ተጋድሎ ይኹን ሕጂ ድሕሪ ናጻ ልዑላዊት ሃገር ምምስራት እውን እንተኾነ ምእንቲ ሓድነት ተቓለስቲ ዓቅምታቱ ንምርግጋጽ ዝገበሮ ተጋድሎ፡ ማዕረ እቲ ንሓርነቱን ሰብኣዊ ክበሩን ንምርግጋጽ ክገብሮ ዝጸንሔን ዘሎን ተጋድሎ ኮይኑ፡ ክሳብ ሕጂ መሊኡ ዘይተዓወተሉ መትከላዊ ስትራተጂካዊ ናይ ህዝብና ናይ ዲሞክራሲ ሕቶ እውን እዩ። ምምስራት ምሕዝነት ሃገራዊ ሓይልታት ኤርትራ ይኹን ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን፡ ብድሕሪ'ቲ ነውሕ ናይ ህዝብናን ፖለቲካዊ ሓይልታቱ ሓድነት ንምርግጋጽ ዝተኻየዱ ውሽጣውን ግዳማውን ቃልስታትን ምትብባዕን ደገፍን ናይ ፈተውትን ዝተበጽሐ ዓወት ኮይኑ፡ ኣብ ሓድነታዊ ጉዕዞ ቃልሲ ህዝብና ሓደ ስጉምቲ ንቅድሚት እዩ። እዚ ዓወት እዚ እውን እንተኾነ ነቲ እናሻዕ ክገጥሙዎ ዝጸንሑ ከበድቲ ሓጎጽጎጻትን ምፍንጫላትን ብቃልሲ ናይ ህዝብናን ምትብባዕ ናይ ፈተውቲን እናሰገረ ድሕሪ ምኻዱ እነሆ ኣብቲ ብድሕሪ እቲ ዕውት ሓድነታዊ ጉባኤኡ፡ መላእ ደምበ ተቓውሞ ዝሓቆፈ ሰፊሕ ሓድነታዊ ሃገራዊ ግንባር (ጽላል) ንምርግጋጽ ኣብ ዝግበር ተጋድሎ፡ ኣብ ዱርኹኪት ዋዕላ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ንምግባእ ሓደ ኣገዳሲ ምዕራፍ ተጓዒዙ ይርከብ። ውጽዕ ህዝብናን ተቓለስቲ ሓይልታቱን ኣብ ክሊ እዚ መስርሕ'ዚ እንከሎው እዮም፡ ካብ 11 ውድባትን ሰልፍታትን ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ሓደ ሰልፊ ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ድሕሪ እቲ ኩሉ ንሱ (ጸገማት ኣለው ክንርእዮም ዘለውና) ንዝበሎም ንምርኣይን ንምእላይን ዝተኻየዱ ጻዕርታት ዓሰርተ ውድባትን ሰልፍታትን ኤ.ዲ.ኪ፡ ንዝገበሮ ፍታሕ መልሲ ብትዕግስቲ እንዳተጸበዩ እንከሎ እዩ ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ዝቀረበሉ ፍታሕ ነጺጉ ካብ መኣዲ ሰፊሕ ዋዕላ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ምስታፍ ፍቓደኛ ከይኮነ ከም ዝተረፈን፡ ነብሱ ከም ዘግለለን ብወግዒ ኣብ ምእዋጅ ዝተሰጋገረ። ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ "ኣብ ኤርትራዊ ዲሞክራሲዊ ኪዳን ክህልው እየ፡ ኣብ ሰፊሕ ዋዕላ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ኣብ ዝግበር ግን ኣይክህልውን እየ" ኢሉ ርእይቶኡ ኣብቲ ብሓደ ግዜ ናብ ኪዳን ዝጸሓፎ ሓጺር መልእኽትን፡ ናብ ኩሉ ፈታውን ጸላእን ክበጽሕ ዝኽእል ሰፊሕ መልእኽትን ኣብ መራኸቢ ብዙሃን ኢንተርነት እዩ ዝዘርገሖ። እምበርከስ 10 ውድባትን ሰልፍታትን ኣባላት ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ዝኾና ውድባት እዚ ተረኺቦ እዚ መሰረት ብምግባር እዞም ዝስዕቡ ሓቅታት ክነብርህ ንፈቱ።

ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ክረኣየልና ኣለዎም ንዝበሎም ጉዳያት ንመርኣይ ብ17-18 ሚያዝያ 2010 ናይ 11 ውድባት ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ብርክት ዝበሉ መሪሕነታት ዝተረኽቡሉ ኣኼባ ተኻይዱ። እቶም ኣብዚ ኣኼባ'ዚ ብሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝቀረቡ ሓሳባት፡ ገሊኦም ኣብቲ ንቅድሚት ቅድሚ ዋዕላ ዘሎ እዋን ኣቀዲሙ ክግበር ተመዲቡ ዘሎ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት፡ ነፍስ ወከፍ ውድብ ኣቀዲሙ ንምስንዳእ ዋዕላ ንዝቀርቡ ሓሳባቶም ይኹኑ ካልኦት ክረኣዩ ዝደልዮም ጉዳያት ኣብኡ ክቐርቡ ዘለዎም ኮይኖም ዝተወገኑ ክኾኑ እንከለው፡ ገለ'ውን ኣብ'ቲ ድሮ ሕሉፉ ጉባኤታት ኪዳን መዕለቢ ዝረኸቡ ኣብ ቻርተራትን ቅዋምን ፖለቲካዊ ውሳኔታት ዝተኻተቱ ኮይኖም ዝተዛዘሙ ይኹኑ ድኣ'ምበር፡ እንተደልዮም እንደገና ከልዕልዎም መሰል ዘለዎም ኮይኖም፡ እቶም ዝተረፉ ግን በቀጥታ ምስቲ ሕጂ ምስንዳእ ዋዕላ ዝተኣሳሰሩ ስለዝነበሩ ሽዑ ኣብ'ቲ ኣኼባ ክረኣዩ ብመደብ ተታሒዞም ክዝረበሎም ዝተገብሩ እዮም። ኣቦ መንበራት ውድባት ኪዳንን፡ ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ኪዳናን ካልኦት ላዕለዎት ኣመራርሓታት ናይ 11 ውድባት ኪዳን ዝተሳተፍዎ ክልተ መዓልቲ ዝወሰደ ዓሚቕ ምይይጣት ዝተኻየደሉ ኣኼባ'ዚ ነቶም

ብሸነኽ ሰልፊ ዲሞክረሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝቀረቡ ይኹኑ ብፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ኤ.ዲ.ኪ ዝቀረቡ ርእይቶታትን ገምጋማትን ብጽሞና ድሕሪ ምስማዕን ምምዛንን ኣብ'ዞም ዝስዕቡ መደምደምታታት በጺሑ።

1. ኣብቲ ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ብዛዕባ ኣብ ዋዕላ ኣመልኪቶም ኣብ መስርሕ ምስንዳእን ምቛም ኣሰናዳኢት ሽማግሌን ጊዜን ዘቅረቡዎ ርእይቶታት ትዕዝብትታትን መሰረት ገይሩ፡ እቲ ኣኼባ ኣብ ዝተመያየጠሉ ጉዳይ፡ ሰፊሕ ዋዕላ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ካብ ሓድነታዊ ጉባኤ ኣትሒዙ ብዝተፈላለየ ዎርክ ሾባት ሓሊፉ፡ ብናይ ሓባር ለበዋታት ተዛዚሙ፡ ኣብ መስርሕ ምስንዳእን ምቛም ኣሰናዳኢት ሽማግሌ ብሕጋዊ ኣገባባትን መድረኻትን ሓሊፉ፡ ብሓባር እናተፈጸመ ዝመጸ ምዃኑ ኣረጋጊጹ። ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ኩሉ ተሳተፍቲ እንዳኾኑ እንከሎው፡ ኣብ ገለ ገለ ብናታቶም ምኽንያታት ዝገጥም ዝነበረ ቡኩራታት እንተኾነ'ውን፡ ነቲ መሰረታዊ መስርሕን ኣገባባትን ናይ ምስንዳእ ዝቅይር ከም ዘይነበረን፡ ብድሕሪኦም ኣብ ምስንዳእ ዝተገብረ ሓዲሽ ነገር ከም ዘይነበረን፡ እቶም ዝተኻየዱ ጉቡእ መስርሖም ሒዞም ዝተፈጸሙ ምዃኖም እውን ኣረጋጊጹ።
2. ኣብ ምቛም መስርሕ መረጻን ኣሰናዳኢት ሽማግሌ፡ ኣብ ናይ ኣገባባዊ ጉዳያት (ኢጂርኣት) ዝተኸስቱ ሕጽረታት'ኳ እንተነበሩ ቀንዲ ዕማምን ሓላፍነት ኣሰናዳኢት ሽማግሌ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ነቲ መሰረታዊ ዕላማ ኩልና ብደረጃ ኣባላት ውድባት ኪዳንን፡ ኩሎም ኣብ ደምበ ተቓውሞ ንለውጢ ዝቃለሱ ዘለው ዓቅምታትን፡ ነፍስ ወከፍ በብሕጋዊ መድረኻቱን ኣሰራርሓታቱን ሓሳባቱ እናኣወሃሃደ ክኅዓዝ ኣብ ዝተመደበሉ መስርሕ'ዩ እዚ ኩነታት እዚ ዝገጥሞ ዘሎ። ብካልእ ኣዘራርባ እቲ ኣቋውማ ዕማምን ናይ ኣሰናዳኢት ሽማግሌ ንሳ ንገዛ ነብሳ ኣብ ቦታ ዋዕላ ኣቀሚጣ፡ ብዋዕላ ንዝውድኡ መሰረታዊ ፖለቲካዊ ዕላማታትን ውሳኔታትን ክትወስድ ዘይትኽእል እንዳኾነት እንከላ ፍሉጥ እንዳሃለወ እቲ ስራሕ ምስኣ እንዳተሓጋገዝካ እንተተሰላሲሉ ምቅጻላ ክሳብ ክንዲ እዚ ከቢድ ዕንቅፋት ክኸውን ይኽእል እዩ ኢልና ኣይንርእን። ስለዝኾነ ከኣ ብመሰረት እቲ ዝቀረበ ጸብጻብ ናይ ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ኣሰናዳኢት ሽማግሌ  ምስቲ ኩሉ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቅሰ ሕጽረታት ኣብ ጸብጻብ ብምእታው፡ ኩሉ ሕጋዊ መስርሕ ተኸቲላ ዝቖመት ሕጋዊ ኣካል ምዃና ኣረጋጊጹ። ብመሰረቱ ጉዳይ ዕማም ዋዕላን ኣጀንድኡን መን መን ይሳተፉዎን ብኣቀዲሙ ዝተኻየደ ወርክ ሾፕ ዝተነጸረ ኮይኑ፡ ብካልእ ኣዘራርባ ዋዕላ ኣብ መሰረታዊ ሃገራዊ መቆምያታት ማእከል ዝገበረ፡ ኣብ እዋናውያን ውዕውዓት ሕቶታት ህዝብና ዝኾኑ፡ ስርዓት ህግደፍ ብምውጋድ ሕቶ ሰላምን ዲሞክራሲን ንምምላስን፡ ስልጣን ናብ ዋንኡ ዝኾነ ህዝቢ ንምምላስን ሕመረቱ ዝገበረ ድኣ'ምበር ነፍስ ወከፍ ውድብ ነናይ ርሑቅ ስትራተጂካዊ መደብ ዕዮታቱ እናቅረበ ዝመያየጠሉን ነንሕድሕዱ ዝገታተረሉ መድረኽ ኣይኮነን። ካልኣይ፡ ኣሹንኳይዶ ከም'ዚኦም ዝኣመሰሉ መሰረታዊ ጉዳይ ናይ ዋዕላስ፡ ጉባኤ ኪዳን ይኹን ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት'ውን እንተኾነ መሰረታዊ ጉዳያት ብኣብዝሓ ድምጺ ዘይኮነስ ብስምምዕ እዮም ዝውድኡ። ስለዝኾነ ከኣ፡ ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ኣብ ጉዳይ ምግባእ ዋዕላ፡ ነፍስ ወከፍ ናይ ሓይሊ ለውጢ፡ ብጥዑይ መንፈስን ሕልናን ድልየትን ኣፍልጦን ተሓጋጊዙ እንተተዋሲኡ፡ ኣብ'ቲ ከረጋግጽ ዝደለ ዘሎ መሰረታዊ ዕላማን፡ መጻኢ ናይ ኣወዳድቡኡ ጉዕዞን ክሳብ ክንዲ'ዚ ዘሰኻክፍ ዓበይቲ ጸገማት ኣለው ኢሉ ኣይርእን።
3. ብዛዕባ ናይ ግዜ ምግባእ ዋዕላ ብዝምልከት፡ እቲ ኩሉ ጸረ ስርዓት ህግደፍ ንለውጢ ዝቃለስ ዘሎ ናይ ተቓውሞ፡ ካልኣዊ ፍልልያቱ ካልኣዊ ቦታ ኣትሒዙ፡ ከም'ቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቅሰ ዋዕላ ኣብ'ቶም መሰረታዊ እዋናዊ ጉዳያት ጥራሕ ኣትኪሉ ዝዛረብ ስለዝኾነ፡ ኣብ ምርግጋጽ ሰፊሕ ዋዕላን ሓድነትን ደሞክራሲን ረብሓ ዘለዎ ምስ ኣሰናዳኢት ሽማግሌ ብምትሕብባር፡ ኣብ ምዕዋት'ዚ ዓቢ ሃገራዊ ዕማም እዚ እጃሙ ብምጽዋት፡ ዋዕላ ኣብ'ቲ ተመዲቡሉ ዘሎ ግዜ  ክግበር ካብ ማንም ግዜ ንላዕሊ ኣብ ቅድሚ ደንበ ተቓውሞ ኤርትራን፡ ብሃገርን ብዞባን ደረጃ ተደላይነቱ ዕዙዝ ምህላው ደጊሙ ኣረጋጊጹ።
4. እቲ ብሸነኽ ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዝሓለፉ መስራሓት ናይ ምግላል ተርእዮታት ተኸሲቶምልና፡ ወይ ከም ዝተኸስቱ ይስምዑና ዝብሉ ቅሬታታት፡ ገለ እውን እዚታት ኮነ ኢልካ ከምኡ ዝተገብሩ ኣይኮኑን ዝብሉ ዝቀረቡ ሓሳባት ብዝምልከት፡ ኣብቲ መስርሕ ይኹን ኣብቲ ኩሉ ሕጋዊ መድረኻት ናይ ኤ.ዲ.ኪ እንታይ ከም ዝነበሩ ድሕሪ ምብራህ ኣብ ልዕሊኦም ናይ ምግላል ፍጻሜ ከም ዘይተኻየደ እቲ ኣኼባ ኣረጋጊጹ። ሓሓሊፎም ኣብ ሞንጎ ኣባላት ውድባት ኪዳን ዝፍጠር ዘይምርድዳእ ዘይምትእምማን ኣብ ዝህልውሉ ከኣ ሓደ ጊዜ ዘይኮነስ ብቀጻሊ ክልተኣዊ ናይ

ርኽክባት መስኖታት ተጠቂምካ ምእላዩ በዚ እንተዘይተኻኢሉ ኸኣ ኣብ ሕጋዊ መድረኻት ኪዳን ብዕሊ ብምቕራብ ክፍትሑ ቀጻሊ ጻዕርታት እናገበርካ ምኹድን ፍታሕ ምርኣይን ድኣ'ምበር ሓንሳብ በቲ ኣነ ዝብሎ ጥራሕ እንተዘይከይዱ: ኣብ ሓቢረ ክሰርሕ ኣይኽእልን'የ ናብ ዝብል ናይ መጨረሽታ ምዕራፍ ክሰጋገር ጽቡቕ ኣይመስለናን። እዚ ኣብ ሞንጎ ውድባት ይኹን: ምስ ኪዳን ጸገማት ንምፍታሕ ዝግበሩ ርኽክባትን ምምይያጣት'ውን እንተኾነ፡ ነቲ መንፈስን ምትህድዳእን ምትእምማን ንምፍጣርን ከም መበገሲ ዝጠቅም ድኣ'ምበር ንሱ እንኮ ፍታሕ እዩ ማለት ኣይኮነን። ክሳብ ክንደይ ነፍስ ወከፍ ውድብ ወይ ሰልፊ፡ ነቲ ዝብሎን ዝኣምነሉን ሓበራዊ መደብ ዕዮ ስራሕ ኪዳን ኣብ ተግባር ሓቢሩ፡ ከም ቀንዲ ዋኒኑ ዓቲቡ ብምሓዝ ይሰርሓሉን፡ ምስ ኩሉ ውድባት ጽቡቕ ዝምድናታት ክህልዎ ብዘይ ምስልካይ ይጽዕርን እዩ፡ እቲ ቀንዲ ኣብ መንጎ ነንሕድሕዱ መሊኡ ምትእምማን ዝፈጥር ዝብል እዩ ነይሩ።

5. ነቲ ኩሉ ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝፈጥረሎም ስሚዒታት፡ እቲ መልሲ ናይ ዓሰርተ ውድባት ኤ.ዲ.ኪ ከም'ቲ ኣብ ቁጽሪ ኣርባዕተ ዝተጠቕሰ ይኹን ድኣ'ምበር ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ከም ተቃለስቲ ብጾትን ኣሕዋትን መጠን፡ ኣብ ምዕዋት ዋዕላ ይኹን ምሕያል ደምበ ተቓውሞ ሓቢርና ክንጎዓዝን፡ ብጽቡቕ መንፈስ ክንትሓጋገዝን ምእንቲ፡ ወላ'ቲ ዝተገብረ ፍታሕ ብሕጋዊ ሸነኹ ትኽክል ኣገባብ ዝሓዘ ኣይኹን ደኣ'ምንበር ከምዚ'ኦም ዝኣመሰሉ ስሚዒታትን ጸገማትን ኣብ ዝኸሰቱሉ፡ ነቲ ጉዳይ ካብ ብጥሬ ሕጋዊ ሸነኹ ጥራሕ ምርኣዩ፡ ብፖለቲካዊ ዓይኒ ምርኣዩን ምፍውሱን ከም ዘዲሊ ተገንዚቡ። በዚ መሰረት ድሮ እዛ ቆይማ ዘላ ኣሰናዳኢት ሽማግሌ ንሳ ከም ዘላታ እናቀጸለት፡ ካብ ዓሰርተ ኣባላት ውድባት ኪዳን ነፍስ ወከፍ ውድብ በብሓደ ክውከሉ ክግበር ክርኢ እንክሎ፡ ኣብ'ቲ ናይ ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ግን፡ ሓደ ተወሲኹዎም ብኽልተ ኣባላት ክውከሉ ርእዩ።

6. እዚ ከም ሓጋዚ ፍታሕ ይኸውን ኢሉ ብ10 ውድባትን ሰልፍታትን ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ዝቀረበ ሓሳብ'ዚ ነቲ ንሳቶም ደጋጊሞም ከም ቅሬታታት ዘስምዕዎ እናሻዕ ውሽጣዊ ስሚዒታቶም ዘንጸንባርቁሉ "ኣብ ርእሲ እቲ ሓደ ሓደ ዝጸነሐ ሓርፋፍ መንፈሳት ተብተብ ኢልኩም ውክልናና ካብ 6 ናብ ክልተ ኣውሪድኩም፡ ተገሊልና ወዘተ" ዝብሉ መንፈሳትን ስሚዒታትን፡ ነዚ መንፈሳት 'ዚ እንተሓገዘ ካብ ዝብል ድኣ'ምበር፡ እቲ ካልእ ሕጂ ዘልዕልዎ ዘለው እዚ ክሳተፍ ነይሩዎ እዚ ከምዚ ክኸውን ኣይነበሮን" ዝብልዎስ፡ ኩሉ እቲ ዝተኻየደ መስርሕ ንሶም ኣብ ዝነበሩዎ ዝተወደአ ጉዑዞ ስለዝኾነ ሽዑ ዘይበሉዎ ሕጂ ምስ ገለ ገለ ውሽጣዊ ስሚዒታት ተደዋዊሱ፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ማሕበር ወይ ክፋል ሕብረተሰብ ወዘተ ክርኤ ነይሩዎ ወይ ክተርፍ ነይርዎ ኢልካ ምዝራብ ትኽክል ኮይኑ ኣይስመዓናን። እቲ ቀንዲ ጻዕሪ ኸኣ ኩሉ ጸረ ዲክታቶሪያዊ ስርዓት ህግደፍን ዝኾነን ንሓድነት ደምበ ተቓውሞ ዝድግፍ ዘበለን ብዘይ ኣፈላላይ ኣብ ዋዕላ ክሳተፍ ጻዋዒት እንዳተገብረሉ እንከሎ እዩ ከምዚ ዝኣመሰለ ተርእዮ ዝገጥም ዘሎ።

7. እዚ ብሸነኽ 10 ውድባት ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ንሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንውሽጣዊ ዘይምትእምማን ዝፈጥረሎም መንፈሳት ይሕግዞም ይኸውን'ዩ ተባሂሉ ዝተበጽሐ መደምደምታዊ ፍታሕ እዚ ኣብቲ ንሶም ይኹን ንሕና 10 ውድባት ኤ.ዲ.ኪ ዝተረኽብናሉ ሰፊሕ ሓበራዊ መድረኽ'ዚ ፍታሕ'ዚ ብሓባር ምስ ተሓበረ፡ ልኡኽ ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ነዚ ንምፍታሕ ዝተገብረ ጻዕሪ ብምምስጋን፡ ከም ውድብ ተወኻኪሶም ኣብ ዝሓጸረ ግዜ መልሲ ክህቡ ምኻኖም ብምርድዳእ'ዩ፡ ኣኼባ ብጽቡቕ መንፈስ ዝተዛዘመ። እቲ ዝተገብረ ጻዕሪ ኣወንታዊ መልሲ ክረክብ 10 ውድባን ሰልፍታትን ኤ.ዲ.ኪ ትጽቢት እንዳገበሩ እንከሎው እዩ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ፡ ሰልፊ ዲሞክረሲ ህዝቢ ኤርትራ ነዚ ፍታሕ እዚ ከም ዘይተቐበሉዎን፡ ካብቲ ዋዕላ ከም ዝሰሓቡ ብቁሉዕ ዝገለጹ። ወላ'ቲ ዘቕረቡዎ ምኽንያታት ከም'ቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ቅቡል'ኳ እንተዘይኮይኑ፡ እቲ ኣብ መንጎናን ኣብ መንጎኦም ክካየድ ዝግብኦ ናይ ኣገባብ ልዝብ እቲ መልሶም ኣባና መጺኡ ብድሕሪኡ ናትና መልሲ'ውን ሰሚዖም፡ ኣብ መጨረሻ እቲ ይሕሸና እዩ ዝብልዎ ኣማራጺ ክወስዱ'ዩ ዝነበሮም ድኣ'ምበር ንክንዲ'ዚ ዝኣክል ክብደት ዘለዎ ኩሉ ሓይልታት ብሓባር ዝጠምር መስኖ ኣሰራርሓ ኪዳን ብሓደ ሸነኹ በቲ'ኽካ ነቲ ብሓባር ኣብ ጉባኤን ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነትን ፈጻሚት ቤት ጽሕፈትን ንምክያድ ዋዕላ ዝተወሰኑ ውሳኔታት ብምውዳቕ "ኣብ ዋዕላ ኣይንሳተፍን'ና ኣብ ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ግን ክንህልው ኢና" ዝብል መልእኽቲስ ነንሕድሕዱ ዝገራጮ ኣካያይዳ ብመሰረቱ ትኽክል ኣይኮነን። እቲ ዝገደደ ከኣ፡ እቲ ጉዳይ ካብ ጽላል ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ወጻኢ ኣብ ቃሊዕ ወጺኡ፡ ሓሙሽተ ገጽ ዝሓዘ መልእኽቲ

ናብ ፈተውቲን ጸላእትን ምዝርግሑ፡ ነቲ ሽግር መሊሱ ዘጋፍሕ ድኣ'ምበር ዘጻብብ ስለዘይኮነ ቅኑዕ ኣካያይዳ ኮይኑ ኣይረኣየናን። ስለዝኾነ፡ ከኣ ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ እቲ ዝኸዶ ዘለው መስርሕ ኣካያይዳ ከምዝኦም ዝኣመሰሉ ጸገማት ሓቂፉ ዝጎዓዝ ዘሎ ጉጉይ ኣካያይዳ ይኹን ድኣ'ምበር ሕጂ እውን ነዚ ርእይቶኦም እዚ ዳግም ብጽሞናን ርትዓዊ መንገዲ ርእዮም ኣብዚ መላእ ህዝብናን ፈተውትናን ብሙሉእ ዓወት ክዛዘም ትጽቢት ኣብ ዝግበረሉ ዘለው ዋዕላ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ተሳተፍቲ ክኾኑ ደጊምና ጻውዒትና ነቅርበሎም። ንኹሉ ብሓባር ዘተኣሳስሩናን ዘቃልሱናን እዋናውያን ተባራዕቲ ሕቶታት ናይ ህዝብና ከኣ፡ ከምቲ ቅድሚ ሕጂ ብቀጻሊ ልዝባት ኣብ ቻርተራትናን ቅዋማትናን ውሳኔታት ኣስፊርና እንዳፈታሕናዮም ዝተጓዝናዮ፡ ሕጂ'ውን ዝተርፉና ምስ ዝህልው ብቀጻሊ ብናይ እንካን ሃባን ልዝብ እንዳተፈትሑ ክካየደሉ ዝኽእል ባይታ ጌና ሰፊሕ ኣብ ቅድሜና ኣሎ በሃልቲ ኢና።

8. እዚ ኣብ ታሪኽ ተጋድሎ ናይ ህዝብና፡ ንውሽጣዊ ሓድነት መላእ ደምበ ተቓውሞ ንምጥርናፍ ኣብ ዝካየድ ዘሎ መስርሕ ቃልሲ፡ ኩሎም እቶም ጸረ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ዝኾኑ ሓድነት ደንበ ተቓውሞ ዝድግፉን ውድባትን፡ ምንቅስቓሳትን፡ ሲቪካዊ ማሕበረሰባትን፡ ምሁራንን፡ ሃይማኖታውያን መራሕትን፡ ዓበይቲ ዓድን፡ ወነንቲ ዝተፈላለያ መዕከናት ዜናን፡ መርበባትን፡ ፓል ቶካትን፡ መንእሰያትን፡ ደቂ ኣንስቲዮን፡ ካልኦት ክፍልታት ሕብረተሰብን ዝሳተፉዎ ዋዕላ'ዚ ኣብ ምዕዋቱ ምስ ኣሰናዳኢት ሽማግሌ ተሓባቢሮም ክሰርሑን፡ ዕዙዝ ተረኦም ክጻወቱ ጻዋዒትና ነቅርብ። ዋዕላ ከኣ በዚ ናይ ምትሕብባር መንፈስ'ዚ ኣብ ዝኣዓዘሉ ከምቲ ተመዲቡሉ ዘሎ እዋን ኣብ ግዝኡ ክካየድ ምኳኑ ደጊምና ነረጋግጽ። ኩሎም እቶም ኣብ ዋዕላ ናይ ምስታፍ ድልየታት ዘለዎም ጸረ ስርዓት ህግደፍ ዝኾኑ ናይ ዲሞክራሲያዊ ለውጢ ዓቅሚታት ከኣ፡ ነፍስ ወከፍ  ናይ ለውጢ ኣካላት መን ምዃኖም እንዳሓበሩ፡ ክሳተፉ ፍቃደኛታት ምዃኖም ካብ ሕጂ ንኣሰናዳኢት ሽማግሌ እናኣፍለጡ ምጉዓዝ ከም ዘድሊ፡ በዚ ኣጋጣሚ እዚ ከየዘኻከርና ክንሓልፍ ኣይንደልን። ኣሰናዳኢት ሽማግሌ ከኣ፡ ምስቲ ሽዑ ጭቡጥ ክትበጽሖን ክትረኽቦን እትኽእል ቁጠባዊ ዓቅምታት ኣመዛዚና፡ ንኩሉ ዓቅምታት ናይ ለውጢ ኣብቲ ዋዕላ ንምስታፍ ኣብ ምምቅርሑ ክሕግዛ ከም ዝኽእል ኣብ ግንዛቤ ምእታው የድሊ ንብል።

ዓሰርተ ውድባትን ሰልፍታትን<br>
ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን<br>
29 ሚያዝያ 2010